

otto | ist | vielfalt | otto | heißt | willkommen | otto | informiert | otto | öffnet | türen | otto | verbindet

ሰነድ ሓበሬታ ብዛዕባ ቀዳማይ ኣንፈት

# ምዝጋበ ቤት-ትምህርቲ

Tigrinya

ብውሕዱ 6 ዘዕደሙ ቆልዑት ኣብ ጀርመን ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸዱ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ክፍለ-ሃገር Sachsen-Anhalt ብቀዳምነት ንኣርባዕተ ዓመት ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ፣ ብድሕሪኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ትምህርታውያን መፈጸምታታት ክግበሩ ዝከኣለሉ ቀጻሊ ትምህርቲ ይኸዱ። እቲ ካልኣይ ትምህርቲ (Sekundarschule) ብመፈጸምታ ሃውፕት (ቀንዲ) ወይ ረኣል (መኣከላዊ) እዩ ዝውዳእ፣ ኣብ ጊምናዝዩም (ለዓለዋይ ትምህርቲ) ግዜ ትምህርቲ ብ'ኣቢቱር/Abitur' ዝብሃል ይውዳእ ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ ሓፈሻዊ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ሓባር ቤት-ትምህርቲ ኩሎም መፈጸምታታት ክግበሩ ይከኣሉ።

ኩሉ ቆልዓ ንተሳትፎ ትምህርቲ ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ኩሉ ግዜ ክሳብ 1 መጋቢት እዩ ዝፍጸም፣ ሓደ ዓመት ቅድሚ መእተዊ ኣብቲ ዝምልከት መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ። ዕድመ ቆልዓ ልዕሊ 6 እንተኾይኑ ናብ ማግደቡርግ (Magdeburg) ክመጽእ እንከሎ፣ ብወለድኡ ነቲ ተሳትፎ ቤት-ትምህርቲ ክምዝገብ ኣለዎ። ነዚ ከኣ ስም፣ ዕለተ ልደት ከምኡ'ውን ኣድራሻ፣ መረጋገጺ ናይ መርገጽ ጵንሓት፣ ሓበሬታ ብዛዕባ መርገጽ ፍልጠት ጀርመንኛ ከምኡ'ውን እንተሃልዩ ዘለው ሰርቲፊከታት ናይቲ ቆልዓ ኣድለይቲ እዮም።

> ክፍለሃገራዊ ርእሰ-ከተማ ማግደቡርግ | **ሞያዊ ጨንፈር ትምህርትን ስፖርትን** | Gerhart-Hauptmann-Straße 24| 39108 Magdeburg | ተሌፎን 0391 5403001 | ሰኑይ፣ ረቡዕ ከምኡ'ውን ሓሙስ ሰዓት 9 ክሳብ 3 ድ.ቀ.፣ ሰሉስ ሰዓት 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 1 ድ.ቀ. ከምኡ'ውን ሰዓት 2 ክሳብ 5.30 ድ.ቀ. ከምኡ'ውን ዓርቢ ሰዓት 9 ክሳብ 12/ፋዱስ | www.magdeburg.de/Start/Kultur-Sport/Fachbereich-Schule-Sport

ድሕሪ ምዝጋበ እቲ ቆልዓ ቆጸራ ንምምርማር ኣብ ቤትጽሕፈት ጥዕና ክወሃብ እዩ። ጥዑይ እንተኾይኑ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክፍጸም እንተዝኽእል ኣብኡ ክምርመር እዩ። ምምዳብ ንሓደ ጨቡጥ ቤት-ትምህርቲ ድሓር ብልምዲ ካብ ክፍለሃገራዊ ቤትጽሕፈት ትምህርቲ ብቡስጣ ክስደድ እዩ።

> **ብዓል መዚ ጥዕናን ሕማም እንስሳን** ናይ ክፍለሃገራዊ ርእሰ-ከተማ ማግደቡርግ | ናይ ሓኪም ኣገልግሎት ቆልዑትን መንእሰያትን | Lübecker Str. 32 | 39124 Magdeburg | ተሌፎን 0391 5406050 | gesundheitswesen@magdeburg.de | ሰሉስ ሰዓት 9 ክሳብ 12/ፋዱስ ከምኡ'ውን ሰዓት 2 ክሳብ 5.30 ድ.ቀ. | ኣማኻሪ፥ Herr Dr. med. Wagner
>
> **ክፍለሃገራዊ ብዓል መዚ ትምህርቲ Sachsen-Anhalt** | Turmschanzenstraße 32 | 39114 Magdeburg | ተሌፎን 0391 56702

እቶም ወለዲ ቆልዓኦም ኣበየናይ ቤት-ትምህርቲ ከምዝኸይድ ምስፈለጡ፣ ኣብኡ ኣብቲ ሰክረታሪ ብኣካል ምምዝጋብ ኣድላይ እዩ። ዋላ ዝርርብ ምስቲ / ምስታ መምህር ናይቲ ክፍሊ ክግበር ጠቓሚ እዩ፣ መታን ክፋለጡ ከምኡ ድማ ተወሰኽቲ ሕቶታት መታን ክጻረዩ፣ ንኣብነት ኣየኖት ንዋታት ትምህርቲ ከምዘድልዩ ከምኡ'ውን እቶም ወለዲ ንቆልዓ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ከመይ ጌሮም ክድግፍዎ ከምዝኽእሉ። እቲ ካብ መንግስቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝቕበል ሰብ ብዝምልከት መደገፊ ጨንፈር (ንኣብነት ብማሕበራዊ ቤትጽሕፈት ወይ ብጆብሰንተር) ንመግቢ ቤት-ትምህርቲ፣ ንዋታት ትምህርቲ፣ ንትምህርታውያን ጉዕዞታት ወይ ንግላዊ ትምህርቲ እንተላይ ገንዘባዊ ሓገዝ ክጠልብ ይኽእል።

ብዙሕ ቀጻሊ ሓጋዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ምኻድ ቤት-ትምህርቲ ኣብ **"Elterninformation: Schule“** (ሓበሬታ ወለዲ ቤት-ትምህርቲ) ካብ ክፍለሃገራዊ መርበብ ውድባት ስደት Sachsen-Anhalt (LAMSA) ኣብዚ www.lerneninterkulturell.de/schule-infothek-medien ይርከብ። ኣብ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት እቲ ግዝያዊ **መሓበሪ ቤት-ትምህርቲ** ይርከብ፣ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩሎም ድሕሪ መሰረታዊ ትምህርቲ ዝመጹ ቀጸልቲ ትምህርትታት ኣብ ማግደቡርግ ይህብ፥ www.magdeburg.de/Start/Wissenschaft-Bildung/Schule/Schulwegweiser።

otto | ist | vielfalt | otto | heißt | willkommen | otto | informiert | otto | öffnet | türen | otto | verbindet

ኣብ መሓበሪ ስደት ማግደቡርግ ኣብ መንጎ ብብዙሕ ቋንቋታት ዝርከቡ ሰነዳት ሓበሬታ፡
ብዛዕባ ብዙሓት ቀጸልቲ ኣርእስትታት፡ ግዝያውያን ቀረባት ምኽርን ሓገዝን ዕረፍትን ይርከቡ።

**www.willkommen-in-magdeburg.de**

ብዝስዕብ ተደጊፉ፦

SACHSEN-ANHALT

ottostadt magdeburg